# ምርጫ



- ናይ US ዜጋታት ኣብ ኖቨምበር 5፣ 2024 ንናይ ዩናይቲድ ስቴትስ ፕረዚዳንትን ካልኦት ዝተሓጸዩ ኦፊሻላትን ድምጾም ክህቡ እዮም። ኣብዚ መዓልቲ እዚ ድምጾም ክህቡ ዝዳለዉ ብዙሓት ዝተሰለፉ ሰባት ክትሪኡ ኢኹም። ድምጺ ምሃብ ኣብ ከም ቤት ትምህርቲ፣ ጣብያ ሓደጋ ባርዕን ቤተ ክረስትያናትን ዝኣመሰሉ ብህዝቢ ኣብ ዝውነኑ ቦታታት ይካየድ።

- ናብቲ ናይ መረጻ መዓልቲ ክቐርብ ከሎ፣ ናይ ፖለቲካ ጽሑፋዊ መልእኽቲታት ወይ ናይ ተሌፎን ደወላት ወይ ዘመችኦም ከካይዱ በርኹም ከንኳሕኩሑ እዮም። እዚኦም ክትምልስዎም ግድን ኣይኮነን።

- ብኽብረትኩም ናይ US ዜጋ እንተዘይኮይንኩም ድምጺ ክትህቡ ኣይትኽእሉን፣ ድምጺ ክትህቡ ምፍታን ድማ ዓብዪ ሳዕቤን ከኸትል ይኽእል፣ ክሳብ ስታተስካ ምስኣንን ምጥራዝን ዝበጽሕ።

- ኣሜሪካውያን ብዛዕባ ናይ ፕረዚዳንት ሕጹያቶም ጥንኩር እምነት ኣለዎም ። ቅድሚ እቲ መረጻ ወይ ድሕሪኡ ሰባት ተኣኪቦም ሓገዞም ክገልጹ ክትሪኡ ትኽእሉ።

- ብዙሓት ዝተኣከቡ ሰባት ክቃወሙ ወይ ታሕጓሶም ክገልጹ ክትሪኡ ትኽእሉ። ብኽብረትኩም ኣብ ሰብ ዝተኣከቦ ቦታ ጥንቃቐ ግበሩ።

- ክትቃወሙ እንተወሲንኩም ብኽብረትኩም በይንኹም ኣይትውጽኡ ዝስዕቡ ድማ ኣማልኡ: ማስክ፣ ማይ፣ መለለዪ፣ ናይ ኢድ ሳኒታይዘር፣ ከምኡውን ናይ ሃንደበታዊ ተሌፎን ቁጽሪታት።

- ብቐጥታ ኣብ ሓደጋ ከምዘለኹም እንተተሰሚዕኩም ወይ ናይ ጎንጺ ግዳይ እንተኾይንኩም፣ ብኽብረትኩም ናብ 911 ደውሉ። ኣብ ደሕንነቱ ዝተሓለወ ቦታ ምስ ኮንኩም፣ ብኽብረትኩም ን IRC ርኸቡ ተወሳኺ ሓገዝ ንክነቕርበልኩምን ናይ ፖሊስ ሪፖርት ኣብ ምእታው ንክንሕግዘኩምን።

*Source: IRC U.S. Resettlement*
*October 2024*